Dimocrasira Ekba Murq"a Bilinuk'h

Eritrea/Hodde

ዲሞክራስያዊ ውድብ ብሄረ ብሌን ኤርትራ/ሆደ

ፍሪዕ እከባ ሙርቛ ብሊኑኹ

ኤርትራ /ሆደ

التنظيم الديمقراطي لقومية

البلينالأ ت ية (هودي)

Democratic Organization of Blin Nation of Eritrea/Hode

**ዮሃና ንመበል 50 ዓመት ወርቓዊ ኢዮቤልዩ**

**ምጅማር ብረታዊ ቓልሲ ህዝቢ ትግራይ**

11 የካቲት ህዝቢ ትግራይ ብውሑዳት ሙሁራት መንእሰያት ደቁ አቢሉ፡ አንጻር ገዛእቲ ደርብታት አምሓራ፡ ሽግ ሐርነቱ ዝአወጀላ ታሪኻዊት ዕለት`ያ። እዛ መዓልቲ እዚአ ህዝቢ ትግራይ ይኹን ናይ ቃልሲ መሐዙቱ ህዝብታት ዓለም፡ ናይ ሓርነትን ጅንዓትን መዓልቲ ስለ ዝኾነት ብክብ ዝበለ ሞራል ክዝክርዋን ከኽብርዋን ክነብሩ'ዩም።

መሰለይ ኢሉ ካብ በረኻ ደደቢት ዝተበገሰ ናይ "ገስገስቲ ማሕበር ተጋሩ" ጸኒሑም "ህወሓት" ተሰምዮም ገባርን ሰራሕተኛን ካልእ ደርብን፣ ህዝቢ ትግራይን ብሓፈሻ ድማ ንህዝቢ ኢትዮጵያን ኣንቂሖምን ወዲቦምን ኣዕጢቖምን ንፋሺሽቲ መንግስቲ ደርግን ነቶም ንዘመናት ብትርክቲ ክብረ ነገስት "ንግስነትና ሉኡላዉነትና ካብ ኣምላኽ ዝተዋህበና'ዩ" ዝብሉ ዝነበሩ መሳፍንቲ ሲዒሮም ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ኢትዮጵያ መንቛሕቋታ ዲሞክራስያዊ ዘእተዉን፡ ኢትዮጵያ ብድኽነትን፣ ደርቅን፣ ጥሜትን፣ ሕማምን፣ ድሕረትን እትልለ ዝነበረት ድማ አብ ዞባናን ዓለምን ወላ ንሐጺር ግዜ ይኹን ተራአ እተበርክት መርአያ ሰላምን ልምዓትን ምትሕግጋዝን ክትከውን ገይሮማ'ዮም።

ኢሂወደግ ዝመርሖ መንግስቲ ካብ 1991ዓም ምስ ተተኽለ፣ ተረፍ መረፍ መስፍንነትን ናይ ዓለም ርእሰማላዉያንን ብግሓቱ ጸረ እዚ ዕሽል ህዝባዊ ዓወት ደዉ ከም ዝበሉ ኩሉ ዝፈልጦን ዝርእዮን ዝነበረ'ዩ። ብፍላይ ቐድማይ ሚንስተር መለስ ብሞት ምስ ተፈልየ (መንግስተ ሰማይ የዋርሶ) ምቹእ ግዜ ስለ ዝረኸቡ ነዚ መንግስቲ ንምግምጣል፣ ሰበር ዜና እናበሉ ናይ ሓሶት ፕሮፓጋንዳ ብሚድያ እናነዝሑ፡ ነቲ ሐቀኛ ጠለባት ዝነበሮ መናእሰይ ኣታሊሎም ብኣራንሻዊ ናዕቢ ሰላም ንዝነበረት ሃገር 27ተን ዓመት ኣብ ጸላም ኣጽኒሖምና እናበሉ ናዕብን ሸበራን ኣለዓዒሎም ንዲሞክራስያዊ መንግስቲ ነቕነቕ ከብልዎ ኪኢሎም።

**ናይ ለዉጢ መንግስቲ ክቀዉምን ክግስግስን ክልተ ዓንድታት የድልዩ። ንሰን ድማ ብሳይንሳዊ ሓሳብ ዝመርሕ ዉድብን ንቑሕ ተሳትፎ ህዝብን'የን።** ህወሓት ከም ዉድብ ምስ ዝነበሮ ሓጺር ተሞኩሮን ፣ ብፍላይ መራሒኡ ብምስኣንን፣ እቲ ክሕግዞ ዝግባእ ንቑሕ ህዝቢ ኣብ ጫፍ ኢትዮጵያ ዝነብር ስለ ዝኾነን ኣብ ዉሽጡ ብዝተዘርኤ ክርዳድን ብወጻእን ብዉሽጥን ዝተጠጅኤ ደዉ ከብሎ ዓቕሚ ስለ ዘይነበሮ ካብ ማእከል ከንሳሕብ ግድን ኮይንዎ ርእሰ ከተማ ለቒቑ ወጺኤ። ንመንግስቲ'ውን ምስ ኩሉ ዓቕሙ እቶም ዕሱባት ተረኪብዎ።

ነዚ መንግስቲ ዝተረከቡ ብመስዋእትን ቓልስን ህዝቢ ትግራይ ካብ ባዶ ሂወት ክሳብ መራሕትን ጀነራላትን ዝበጽሑ'ዮም። ኤረ ገለስ ኣብ ኩናት ዝተማረኹ ተርፍ ሞት'ዮም። ዉድብን ህዝብን ትግራይ እንተሎ ንደርባዊ ድልየትና መስፍንነትን ንግስነትን ኣንረክብን'ና ኢሎም ናይ ለዉጢ ሓይሊ'ና እንበሉ ንሙሉእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣታሊሎም፣ ኣድሓርሓርቲ ዓለምና ዓዲሞም ካብ ገጽ ምድሪ ከጥፍኡዎ፣ ክዓጥቁ ዘይሕሰብ'ዩ ዝነበረ። ገብርዎ ድማ እዞም ነውሪ ዘይፈልጡ ክልተ ዓመት ዘይዓደምዎ ሓይሊ ዘይፈንቀልዎ እምኒ ዘይደርብይዎ ቦምባ መኣስ ተሪፍዎም።

"በትሪ ሓቂ ትዕጸፍ እንበር ኣይትስበርን" ከም ዝበሃል ህዝቢ ትግራይ ነቲ ክዉጻእ ዘይከኣል ዝመስል ዝነበረ ናይ መሬት ገሃነብ ክባን ዕጽዋን ኣላሸ ኣቢሉ ዉዕል ፕሪቶርያ ክፍርሙ ገቢሩ። ፊርማ ፕሪቶርያ ምስክር ዓወት ናይ ህዝቢ ትግራይ'ዩ። ክዕቀብን ክትግበርን ኣለዎ ኢልና ንእምን። ሳላ ጅንዓቱ ህዝቢ ትግራይ ሎሚ ናይ ሓምሳ ዓመት ወርቓዊ በዓል እዮቤል ብቂዑ ኣሎ። ሕጂ'ውን "ብዕራይ ኣብ ዘበለ የብል ዕርፊ ኣጽኒዕ" ከም ዝብሉ ኣበዋት ህዝቢ ትግራይ ከም ቀደምካ ጽናዕ።

ክቡር ህዝቢ ትግራይ፣ ሓቓኛ ፈታዊኻ ህዝቢ ኤርትራ'ዩ። ናይ ቓልሲ ኣጋርካ'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ካብ ብጉሓት ናጽነት 1991ዓም ጀሚሩ ንፍትሒ ንቑዋም ክእሰርን ክቀተልን ክስደድን ጸኒሑ። ብናተይ ዝብሎም ተጠሊሙ፣ ጆሆ ተታሒዙ፡ ኣብ ሕሰም ድማ ይነብር ኣሎ። ነቲ ሓሰሙ ከም ናይ ቡን ጠዓሞት፣ ሓሞት እናጠዓመካ ተቋድሰካዮ ኢኻ። ስግር ዶብ ወፊሩ አብ ልዕሊ ህዝብታት ጅንተት ኩናት ዝፍጽመ፡ ኣብ ዉሽጢ ሃገሩኸ እንታይ ይገብር ንኣኻ ዝኸውል ኣይኮነን። እዚ ጥራይ ስልጣኑ ዘገድሶ ናይ ዉልቓ

መራሒ መንግስቲ ዉግእ ክጽሕትር ዝኑብር ብዛዕባ ህዝብን ምዕባሌን ሰላምን ዘይገድሶ ሙኳኑ እዚ ከይመጽኤ እንከሎ ክመጽእ ሙኳኑ ንዝምልከቶም ሰብ-ስልጣናት ንሕብር ኔርና። ብአግኡ ክርእይዎ ብዘይምኽአሎም እቲ ዝፈራህናዮ ኮይኑ። ሕጂ'ውን ብሩህ መጻኢ ናይ ክልቲኡ ህዝቢ ክረጋገጽ ቐርኒ ኣፍሪቓ ሰላማ ዝተረጋግኤ ክኸዉን እዚ ፍሽስታዊ ስርዓት ምስ ዝሰዓር ጥራሕ' ዩ ኢልና ንኣምን። ካልእ ጥፍኣት ከይፋሕተረ ክእለ ኣለዎ።

ኣብ ቐርኒ ኣፍሪቓ ብሓፈሻ ድማ ኣብ ኣፍሪቓ ከምኡ'ውን ማእከላይ ምብርቕን ማእከል ኤዉሮጳን ዝኑብር ህዝብታት ሰላም ሲኢኖም ዕሜ ሞትን ስደትን ይኾኑ ኣለዉ። ኩሉ ጠነቒ ገበቲ መራሕቲ'ዩ። ካብ ብዙሓት ገለ ክንጠቅስ፣ ምስ ቓልስና ኣዕሩኹ ዝነበሩ፣ ጎረባብትና ኢትዮጵያ ሱዳን ሶማል ፍልስጤም የመን ርሕቅ እንተበልን ኮንጎ ኡክሬን ህዝቢ ብኩናት ይሳቐ ኣሎ። መራሕቲ ናይ እዚኤን ሃገራት ስልጣን ክብሉ ንህዝቦምን ሃገሮምን ዘዉድሙ ዘለዉ መታን ክእለዩ  ዉጹዕ ህዝቢታት ሰዉራዊ ዝምድናታት ፈጢሩ  "እንኮ ፍታሕ" ክኣልዮም ኣለዎ። እዚኦም ከለዉ ሰላም ፍትሒ ኣይሕሰብን'ዩ።

ክቡር ህዝቢ ትግራይን ዓለምን ቓልስና ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓኾኸን ኣማራጺታት ድማ እናረኸበ ይኸይድ ኣሎ።  ንስርዓት ኣስመራ ህዝብና ብሓደ ቓል "ይኣክል" ክብል ጸኒሑ ሕጂ ግን "ተኣለ" ክብል ኪኢሉ ኣሎ። ነዚ ህዝባዊ ማዕበል ጎረባብትና ኮኑ ኣፍሪቓ ብሓቂ ሰላም ዝደልዩ ክድግፍዎ ይግባእ።

ክቡር ህዝቢ ትግራይ ብላዕሊን ብታሕትን ናይ ጥፍኣት ምሕዝነት ፈጢሮም፡ ብኣውጅ ከጽንቱኻ ንዝመጹ ኣዕጊስካ ነዛ ብልጽቲ ናይ ሱዉኣትካ ዝኽሪ በዓል ሓምሳ ዓመት ወርቓዊት እዮቤል ምብዓልካ ዮሃና!!! ንብለካ።

ዝመጽእ ዓመት
ህዝቢ ኤርትራ ኣብ መሬቱ ፍትሒ ኣንጊሱ፣ ህዝቢ ትግራይ ኩሉ መሰላቱ ረኺቡ "ተዛወርየ ማንኪና.." እናበልና ነብዕላ ዕለት ክትኮነና፣ ንምኔ።

ደጊምና ዮሃን ህዝቢ ትግራይ።

ዘለኣለማዊ ክብሪ ንናይ ኩልና ሱዉኣት ፣ ዉጹዕ ህዝቢ ተዓዋቲ'ዩ።

ደሞክራሲያዊ ውድብ ብሄረ ብሌን ኤርትራ/ ሆደ2/10/25